للحركة الديمقراطية لساهو إرتريا

ደሞክራስያዊ ምንቅስቓስ ሳሆ ኤርትራ

***ኣብ ኤርትራዊ ሃገራዊ ባይቶ ንደሞክራስያዊ ለውጢ ኣጋጢሙ ብዛዕባ ዘሎ ቅልውላው ኣመልኪቱ***

***ፖለቲካዊ ቤት ጽሕፈት ደሞክራስያዊ ምንቅስቓስ ሳሆ ኤርትራ (ደምሳኤ) ዝሃቦ ውድባዊ መግለጺ***

ኩልና ከምእንፈልጦ፡ ኤርትራዊ ሃገራዊ ባይቶ ንደሞክራስያዊ ለውጢ ካብ ዝምስረት እንሆ ልዕሊ ዓመትን መንፈቕን ገይሩ ኣሎ፡፡ ምስናይ ኩሉ ዝጸንሕዎ ሕመቓት፡ እንተወሓደ ኣብ ታርኽ ቃልሲ ህዝቢ ኤርትራ ብዙሕ ግዜ ዝፈሸለ ሕቶ ሓድነት ኣብ ምምላሽ ኣገዳሲ ምዕራፍ ክሕዝ ዝኽእል ጥርናፈ ኩሉ ተቃወምቲ ውድባትን ስቭካዊ ማሕበራትን ኣብ ምርግጋጽ ዘይነዓቕ ጅማሮ ክበሃል ዝከኣል ዓወት ኣመዝጊቡ`ዩ፡፡ ብእኡ መጠን ከኣ ደለይቲ ሓድነትን ለውጥን ዝኾኑ ህዝብታትና ተስፋ ኣንቢሮምሉ ጸንሖም`ዮም፡፡

ውድብና ደሞክራስያዊ ምንቅስቓስ ሳሆ ኤርትራ (ደምሳኤ) ካብ`ዚ ገምጋም`ዚ ብምብጋስ፡ ኤ/ሃ/ባ/ደ/ለ/ ከም ኣገዳሲ ናይ ቃልሲ መድረኽ ብምርኣይ እጃሙ ክበርክት ጸኒሑን ኣሎን፡፡ ሰውራዊ ውድብና ደምሳኤ፡ ኤ/ሃ/ባ/ደ/ለ/ ነቲ ዝጸንሕዎ ሓጎጽጎጽ ሰጊሩ፡ ብወሕዱ በቲ ዝቆጽል ካልኣይ ጉባኤኡ ኣቢሉ ትርጉም ዘለዎ መቐይሮ ንከመዝግብ ዝነበሮ ተስፋ ልዑል`ዩ፡፡ ካብ ዝሓለፈ ናይ ክልተ ዓመት ተሞክሮ ክርከብ ዝኽእል ትምህርቲ ዝሓፈሰ፤ ኣብ ጭቡጥ ገምጋም ህዝን ሃገርን ዝሰረተ መደብ ዕዮን (ቻርተር) መደባትን ክሕንጽጽ፤ ንዕኡ ዝበቅዕ ዱልዱል መሪሕነት ክሃንጽን፡ ጥሙር ዓቕሚ ተቓውምቲ ውድባትን እቲ ወሳኒ ዓቕሚ ህዝብታትናን ኣቢልና ሃገርና ካብ ብርሰትን ዕንወትን እትድሕነሉ ዱልዱል መዝለሊ ክንረግጽን ከኽእለና`ዩ ካብ ዝብል ዕግበት ተበጊስና ኢና ክንቃለስ ጸኒሕናን ዘለናን፡፡

እንተኾነ ግን፡ ኣብ`ዚ እዋን`ዚ ነቲ ገይርናዮ ዝጸናሕና ተስፋታት ናብ ሓደጋ ዘወድቕ ዝመስል ሓደጋታት ክጋጥም ንርእይ ንሰምዕን ንዕዘብን ኣለና፡፡ ከም ዝፍለጥ ሓራዊ ኣኼባ ስክሬታሪያት ባይቶን ፈጻሚ ቤት ጽሕፈት ኤ/ሃ/ባ/ደ/ለ/ ካብ 13-29 ሓምለ 2013 ተኻይዱ፡፡ ኣብ ስሩዕ ኣኼባታት ከኣ ክመያይጥ ቀኒዩ፡፡ ኣብ ምዝዛም እቲ ኣኼባ ግን፡ ካብ ዝተሰርዑ ኣጀንዳታት ወጻኢ፤ ንጉዳይ ኣቦ ወንበር ፈ/ቤ/ጽ/ ተላዒሉ ክዝረበሉ ዝገብር ጥራሕ ዘይኮነ፡ ኣብ ደገ ተወዲኡ ዝመጸ ውሳኔ ኣብ ልዕሊ ኣቦ ወንበር ፈጻሚ ቤ/ት/ ብሓይሊ ክጸዓን ዝዓለመ ዝረባ ከም ዝለዓል ተገይሩ፡፡ ኣቦ ወንበር ስክሬታሪያት ባይቶ፡ ንጉዳይ ኣቦ ወንበር ፈ/ቤ/ጽ/ ዶ/ር ዩሱፍ ብርሃኑ ብምልዓል፡ ዶ/ር ዩሱፍ ጸኒሖዎ ዝበሎም ሕጽረታትን ድኽመታትን ብምዝርዛር ኣብ መደምደምታ **"ኣቦ ወንበር ፈጻሚ ቤት ጽሕፈት ዶ/ር ዩሱፍ ብርሃኑ ብሓላፍነትና ካብ ኣቦ ወንበርነት ፈጻሚ ቤ/ጸ/ ክእለ ወሲና ኣለና"** ክብል ኣፍሊጡ፡፡ ድሕሪ`ዚ ድሕሪት ዘይምለስን ባዕልና እንሕትተሉን ክብል ዝኣወጆ ኢደዋነናውን ዘይሕጋውን ጸረ ደሞክራስያዊ ውሳኔኡ`ውን ካብ ገዛ ካብ ገለ ኣባላት ፈጻሚ ደገፍ ኣይሰኣነን፡፡

እንተኾነ ውድብና ደሞክራስያዊ ምንቅስቓስ ሳሆ ኤርትራ (ደምሳኤ) ብ ኣብ ፈጻሚ ቤት ጽሕፈት ዘለዎ ወኪሉ ኣቢሉ ብትሪ ተቓውሙ`ዩ፡፡ ነዞም ዝስዕቡ ኣገደስቲ ነጥቢታት ድማ ኣቕሚጡ፡፡

- *"እዚ ውሳኔ'ዚ ካብ ኣሰራርዓ ናይቲ ጎናውን ዘይተሰርዐን ኣጀንዳ ኣትሒዝና ኢና ንቃወም፡፡ ሕጋዊ ኣይኮነን፡ ኢደዋነናዊ'ዩ፤"*
- *" ተቃውሞይ ንዶ/ር ዩሱፍ ካብ ምክልኻል ኣይኮነን ዝብገስ፡ እዚ ባይቶ'ዚ ንኩላትና ዝገዝኣና ሕጊ ዘለዎ ባይቶ'ዩ፡፡ ብሕጋዊ መስርሕ ዝሓልፍ ዘሎ ውሳኔ ዘይኮነ፡ ኢደዋነናውን ዘይምራላውን'ዩ፤"*
- *"ጉዳይ ገምጋም (ሕጽረታን ድኽመታትን) ነጥፈታት ፈጻሚ ቤት ጽሕፈት ከም ኣካልን ኣባላቱን፤ እንተላይ ዶ/ር ዩሱፍ ብፈጻሚ ቤት ጽሕፈት ብዝግበር ገምጋም 'ምበር፡ ንዶ/ር ዩሱፍ ነጺልካ ብዘይ ሕጋውን ሃናጽን ኣገባብ ብዝተገብረ ገምጋም ዝሓሊፍ ውሳኔ ቅኑዕ ኣይኩነን ጌጋ'ዩ፤*
- *"ስለዚ ብወገነይ፡ እዚ ውሳኔ'ዚ ኣትሪረ ይቀወምን ኣብ ማህደር ከኣ ክተሓዘለይ ይሕብር"* ክብል ገሊጹ፡፡

للحركة الديمقراطية لساهو إرتريا

ደሞክራስያዊ ምንቅስቓስ ሳሆ ኤርትራ

ስለዚ ውድብና ደምሳኤ፡ ከም መቐጸልታ`ዚ ብወኪሉ ኣብ ፈ/ቤ/ጽ/ ኣቢሉ ክግበር ዝጸነሐ ናይ ቃልሲ ኣበርክቶ፤ ኣብቲ ጉዳይ ዘለዎ ዘየማትእ ውድባዊ ርእይቶን፤ ብሰንኪ`ቲ ዝተወሰደ ዘይሕጋዊ፡ ኢደዋነናውን ዘይደሞክራስያውን ውሳኔ ኣጋጢሙ ዘሎ ቅልውላውን ነዞም ዝስዕቡ እውጃት ውድባዊ መርገጻት ብእውጅ ኣገባብ ንሓፋሽ ህዝብታትና ክፈልጠልና ንደሊ፡፡

1. ውድብና ደሞክራስያዊ ምንቅስቓስ ሳሆ ኤርትራ (ደምሳኤ) ኣብ ልዕሊ ኣቦ ወንበር ፈ/ቤ/ጽ/ ዶ/ር ዩሱፍ ብርሃኑ ዝተወስደ ስጉምቲ ብዝኾነ ይኹን ምዕቐኒን ኣብ ትሕቲ ዝኾነ ይኹን ኩነታትን ተቐባልነት ዘይቡሉ ዘይሓላፍነታውን ዘይሕጋውን ጸረ ደሞክራስያዊ ውሳኔን ብምዃኑ ብትሪ ይኹንን፡፡
2. ኣቦ ወንበር ፈጻሚ ቤት ጽሕፈት ኤ/ሃ/ባ/ደ/ለ/፡  ዶ/ር ዩሱፍ ብርሃኑ፡ ኣብ ዝሓጸረ እዋን ናብ ንቡር ስርሑ ክምለስ፤ (ኣቦ ወንበር ፈጻሚ ቤት ጽሕፈት ኤ/ሃ/ባ/ደ/ለ/ ኮይኑ ብህዝቢ ብሕጋዊ መንገዲ ዝተዋሃቦ ሕጋዊ ሓላፍነቱ ክርከብ) ውድብና ደሞክራስያዊ ምንቅስቓስ ሳሆ ኤርትራ (ደምሳኤ) ኣጥቢቑ ይተሓሳሰብ፡፡
3. ኤ/ሃ/ባ/ደ/ለ/ ከም ትካል ንክቀጽል ብሕታዊ ውሕስንኡ፡ ኩሎም ኤ/ሃ/ባ/ደ/ለ/ ዘመስረቱዎ ኣካላት ተሰማምዖም ዘጽደቑዎ ቻርተርን ሕጊ ህንጻን ሃገራዊ ባይቶ ምኽባር ጥራይ ምዃኑ እናተፈልጠ፡ ነዚ ዓንዲታት ኤ/ሃ/ባ/ደ/ለ/ ጥሒሶም፡ ኣብ ኣጀንዳታት ሓበራዊ ኣኼባ ፈጻሚ ቤት ጽሕፈትን ስክሬታሪያት ኤ/ሃ/ባ/ደ/ለ/ ዘይተሰረዐ ጎናዊ ኣጀንዳ ብምልዓል፡ ኣብ ልዕሊ ኣቦ ወንበር ፈጻሚ ቤት ጽሕፈት ኤ/ሃ/ባ/ደ/ለ/ ብ/ ዶ/ር ዩሱፍ ብርሃኑን ሕግጋታትን መትከላትን ሃገራዊ ባይቶ ከቢድ ግህሰት ብምፍጻም፡ ሓድነት ሓይልታት ደሞክራስያዊ ለውጢ ንሓደጋ ዘቃለዉ ኣካላት፡ ናይዚ ተፈጢሩ ዘሎ ዘይምርግጋእ እንኮ ተሓተቲ ንሳቶም ምዃኖም ውድብና ደምሳኤ ኣቐዲሙ የፈልጥ፡፡
4. ፈ/ቤ/ጽ ኤ/ሃ/ባ/ደ/ለ፡ ከም ዚለዓለ ሕጋዊ ኣካል ሃገራዊ ባይቶ፡ ነዚ ኣብ ልዕሊ ኣቦ ወንበር ዶ/ር ዩሱፍ ብርሃኑ ብስክሬታሪያት ባይቶ ዝተመሓላለፈ ዘይሕጋውን ዘይደሞክራስያውን ውሳኔ ኣመልኪቱ ኣድላይ ግዜ  ሂቡ ዘይምምይያጡን ንጹር ዝኾነ መርገጺኡ ዘይምንጻሩ`ውን ውድብና ቅኑዕ`ዩ ዝብል እምነት የብሉን፡፡ ስክሬታሪያት ባይቶ ንሕገ-ህንጻ ባይቶ ረጊጹ ንዝወሰዶ ኢደወነናውን ዘይሕጋውን  ስጉምቲ ተቐቢሉን መሪቑን ናብ ንቡር ስርሑ ክኣትው ምፍታኑ ንፖለቲካዊ ቤት ጽሕፈት ውድብና ዘስደምም ዘይሞራላዊ ስጉምቲ ምዃኑ ይሕብር፡፡ ነዚ ምናልባት`ውን ቀጻልነት ኤ/ሃ/ባ/ደ/ለ/ ዝፈታተን ኣጋጢሙ ዘሎ ቅልውላው ኣተሃዳዲኡ ንምምራሕ ዘኽእልዎ ሕጋውን ሓላፍነታውን ምሕደራ ክገብረሉ ከኣ ፖለቲካዊ ቤት ጽሕፈት ደምሳኤ ኣትሪሩ ይምሕጽን፡፡

**ፖለቲካዊ ቤት ጽሕፈት**

**ደሞክራስያዊ ምንቅስቓስ ሳሆ ኤርትራ (ደምሳኤ)**

**04 ነሓሰ 2013**